**መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ምዓስ ተጸይቔ ?**
**(ዓስራይ ክፍሊ መደምደምታ)**
**ሓጎስ ወልዱ 18.02.2004**

ክቡራት ኣንበብቲ፣ ኣቐዲመ ክሳብ ሕጂ ተገዲስኩም ግዜኹም ኣጥፊእኩም ታሪኽ ህ.ግ.ሓ.ኤን & Co ክትፈልጡ ምግዳስኩም ብልቢ የመስግነኩም። ብዓቢኡ ክኣ እተን ንሸኻትኩምን ጸሓፍትን ኣብ ሓደ ማኣዲ ክንቅረብ ዕድል ዝሃባና web sites ብስመይ ኣመስጊነ ንኣመስገንቲ ክሕልፈን ይፈቱ።

ኩለን ሓቢረን ጽሑፋተይ ምዝርግሐን ክኣ ናይ ኩለን ቀራጽነት ይገልጽ። ከመይሲ ሓንቲ ወብሳይት ሕራይ ቢላ ካልኦት ኣንተ ዝኣብያ፣ እቲ ጽሑፋተይ እኳ ምተነበ ነቢሩ፣ ግና ካብ ኣሕዋታ ዝነውሐት መሸላስ ወይ ንወንጨፍ ወይ ንዑፍ ከም ዝብሃል ብዙሕ ዳርባ እምኒ ምተገብረላ ነቢሩ።

እዚ ጽሑፋተይ ንኣንባቢኡ ዘሕዝን፣ ንናይ ቅድሚ 26 ዓመታት ዝተቐብረ ታሪኽ ፍሒሩ ዝጽሕፍ ክኣ ፈጥፈጥ ዘብልን ዘባህርርን ምኻኑ ከረጋግጸልኩም ይደሊ። ግና ሕልሚ ፈሪሕና ከይደቀስና ክንሓድር ስለ ዘይኽእል፣ ጸገምና ክፍታሕ እንተ ኾይኑ ታሪኽና ክንገጥሞ እምበር ክንሃድመሉ ኣይግባእን። ኣናፍራ ቆቓሕ ዘይፈልጥስ ኣይሃዳናይን ከም ዝብሃል ክኣ፣ ንመሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ክንብንቅሮ ሰራውሩ ኣበይ ምኻኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ ኢዩ።

እዚ ኩሉ ክሳራታት ሰዉኣትና፣ ኣካለ-ስንኩላትና፣ ዘኽታማትና፣ ምሩኻትና፣ እሱራትና፣ መበለታትና፣ ሕማም ስነ-ኣእምሮ ዝሓዞም ሰባትና፣ ኣረግቶትና፣ ንብረትና ወዘተ.... ንከንቱ ኢዩ ድኻ ትብለና ዘሎኻ? ዝብሉ ኣይሳኣኑን።
ትርጉም ናይ ስዉእ፣ ንእምነቱ ወይ ኣራኣእያኡ ኣብ ግብሪ ከውዕል ብፍቓዱ ህይወቱ ኣብ ሓደጋን ሞትን ዘውድቕ ማለት ኢዩ።

ስለዚ ኣነ ንከንቱ ክገብሮን ከይገብሮን ሓይሊን ድልየትን ኣይብለይን። እቶም እዚ ኩሉ ክኸውን ዘገደዱን ብሓይሎምን ብፍቓዶምን ሕድሪ ዝጠለሙ ሰለይቲ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ኢዮም።
ርእዩ ደቡብ ኣፍሪቃ፣ ርእዩ ማይ-ሓባር፣ ርእዩ ህዝብና ኣብ ቀይሕ ባሕሪን ማኣከላይ ባሕሪን ኣብ ምድረ በዳ ሳሃራን ኣብ ዶባት ኤርትራን ገለ ብምጥላቕ ገለ ብኣጻምእ ገለ ብጥይት ሻዕቢያ ይጠፍእ ኣሎ። ደቂ ስዉኣት እውን መለመኒ ኮይኖም ኣለዉ።

እቶም ብብረት ብጾቶም ዝተቐትሉን፣ ኣንጻር ድልየቶም ኣብ ዓውደ ውግኣት ዝሞቱን ኣብ ውግእ-ሕድሕድ ዝጠፉእን ብዱላት (Victims) እምበር ስዉኣት ክንብሎም ጌጋ ኢዩ። ምኽንያቱ ብቐትለቶም ዝሕተቱ ሰባት ስለ ዘለዉ። እዚ ምስ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ወሪዱና ዘሎ መከራ ላም ሓዊ ወለደት፣ ከይትልሕሶ ነደደት ከይትገድፎ ወለደት፣ ኢዩ።

## ኣነ መርገጸይ ንጹር ኢዩ።

ኤርትራ ነጻ ክትወጽእ ይድግፍ። ብጥርኑፍን ብዘይ ጥርኑፍን ኣገባብ ቃልሲታት ንኤርትራ ናጻ ንምውጻእ ዝተኸፍለ ሰብኣዊን ንዋታዊን መስዋእቲ ንከንቱ ከም ዘይኮነ ይኣምን። ክሳብ ናጽነት ኤርትራ ዝመጽእ ቃልስና ክቕጽል ከም ዘሎዎ ይኣምን። ካልኦት ጽሓፍቲ ንስዉኣትና ዘሞግስ ኣርእስቲ ኣልዒሎም ከሞግስዎም ክኣ ተስፋ ይገብር

ሰባት ምስ ስድርኦምን ኣዝማዶምን ወገኖምን ሃይማኖቶምን ኣውራጃኦምን ብግሁድ ትሓቛቖሮምን ኮሪያምን ኣእጃሞም ዘበርክቱላን ኣእጃሞም ዝወስዱላን፣ ሰማያዊት ዝባንዴራኣ ሓንቲን እንኮን ኤርትራ ክትዕምብብ ድሌተይ ኢዩ።

ምስ ስድራኹምን ኣዝማድኩምን ወገንኩምን ሃይማኖትኩምን ኣውራጃኹምን ተባኢስኩም ንዓና ኣምልኹ፣ ዝብል ሥርዓት ዕሱባትን ቀናኣትን ከብቅዕን፣ ምትሕቛቛፍ ኣሕዋት ዘይውሓጠሎም ዕሱባት ሃገርና ክገድፉልና ድሌተይ ኢዩ።
እቲ ዘደንቕ ክኣ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤን ትሓድሶን ብዛዕባ ሓደጋ ናይ ምትሕቛቛፎ (ወገንነት)

ከምህሩና ምፍታኖም ኢዩ። ወጠጦስ ሓላዊ ጃርዲን ኢየ ይብለና ኣሎ።
መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤን ትሓድሶን፥ ሥዓትኩም ኣኺሉ ኢዩ፥ ቫሊጃኹም ኣልዕሉ።

ኤርትራ ምስ ሱዳንን ኢትዮጵያን ካልኦት ጎረባብታን ብሰላምን ምትሕቛቛፍን ክትነብር ትምኒተይ ኢዩ።

መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ምዓስ ተጸይቑ ? ዝብል ሕቶ ነፍሲ ወከፍ ኣንባቢ ባዕሉ ክምልሶ ይገድፈሉ። ናተይ ኣረኣኣያ ግን ፈሊጥኩሞ ኣሎኹም።
ብዙሕ ዝጋለጽ ነገራት ኣሎኒ፥ ግና ንግዜኡ ግዜ ተዋሒዱኒ ኣሎ። ብካልእ እዋናዊ ጉዳያት ግና ጽሑፈይ ክቕጽል ኢየ።

ምስጋና፥ ንብዘይሕለል ጻዕርታቶም ንሓውና ሳሙኤል ዓንደብርሃን ካብ ኣፍ ሓርገጽ ሻዕቢያ ዘውጽእዎ ተቓለስቲ ሞገሰይ ይገልጽ። ሓውና ሳሙኤልን ብጾትካን እውን ንኣራኣእያኹም መስዋኣቲ ክትከፍሉ ቅሩባት ምዃንኩም፥ እታ ሽግ ናይ ቃልስና ከም ዘይጠፍአት ኣረዲእኩምና ኢኹም።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪን ክብሪን ንጀጋኑና
ሰላምን ፍትሒን ጸጋን ክብረትን ንህሉዋት
ናጽነት ንኤርትራን ሰማያዊት ባንዴራናን

ሓጎስ ወልዱ

knzareb@gmx.de